Tigrinja

# ሓድሽ መስመር-ቴሌፎን ብዛዕባ ኮሮና – ንመጻእተኛ ድሕሪ-ባይታ ዘሎዎም ሰባት

ናብዚ ብምድዋል፡ መልሲ ናይቶም ሓፈሻዊ ሕቶታት ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ ብቛንቋኻ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። እዚ መስመር ቴሌፎን'ዚ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ናይ ስራሕ-መዓልቲ፥ ኣብ ሰዓታት 09.00-12.00 ከምኡ ውን ኣብ ሰዓታት 13.00-15.00 ክፉት እዩ።

ኣብዚ መስመር-ቴሌፎን'ዚ ዝተመደቡ ሰራሕተኛታት፡ ናይ ”ትራንስ-ኩልቱረል-ማእከል” ወሃብቲ ሓበሬታ ጥዕና ኰይኖም፥ ብዛዕባ ”ኮሮና ቫይረስ” ንሓፈሻዊ ሕቶታት መልሲ ዚህቡኻ እዮም። ንሳቶታም ብቛንቋታት ዓረብኛ፡ ሶማልኛ፡ ፐርሺያ/ዳሪ፡ ትግርኛን/ኣምሓርኛን ከምኡ ውን ሩስያን ዝዛረቡ'ዮም።

ነቲ መስመር፡ ናብ 08-123 680 00 ደዊልካ ኢኻ ትረኽቦ። ምስ ደወልካ ሓጺር መእተዊ ብእንግሊዝኛ፥ ስዒቡ ድማ ንውሕ ዝበለ ብዓረብኛ ይወሃበካ። ብድሕሪኡ ነቲ ትደልዮ ቋንቋ፡ በቲ መምረጺ-ቁጽሪ ጸቒጥካ ትመርጾ።

እቲ መስመር ቴሌፎን ምስ ትዓጽወ፥ ሓበሬታ ብዛዕባ ዚኽፈተሉ-ሰዓታት፡ ብእንግሊዝኛን ብዓረብኛን ሓበሬታ ይህብ፤ ናብ 1177 ከምኡ ውን ናብ 112 ክድወል ከም ዚክኣል ውን መተሓሳሰቢ ይህብ።

---

## ንሓፈሻዊ ሕቶታት ድኣምበር – ናይ ክንክን-ሕማም መብርሂ ኣይኰነን

እዚ መስመር-ቴሌፎን'ዚ መብርሂ ክንክን-ሕማም ዝሕተተሉ ስለ ዘይኰነ፤ ብዛዕባ ነናይ ውልቅኻ ናይ ሕማም-ጉዳይ ሓገዝ ኪህበካ ኣይክእልን'ዩ፤ ስለዚ ከምኡ ዓይነት ሕቶታት ምስ ዚህልወካ ናብ 1177 ምድዋል'ዩ። እዚ መስመር'ዚ ሓፈሻዊ ንዝኾኑ ሕቶታት መልሲ ንምሃብ ዝተዳለወ ኣገልግሎት ኰይኑ፥ ምልባዕ ለበዳ ንምንካይ ናብ ወሰንቲ ኣርእስቲታት ዘተኰረ'ዩ፡-

- ኮሮና እንታይ'ዩ?
- ብኸመይከ ይተሓላለፍ?
- ነፍስኻ ብኸመይ ክትከላኸል ትኽእል?
- ዝክኣል እንተ ኾይኑ፥ ስለምንታይ ኣብ ገዛኻ ኼንካ ንምስራሕ ይምከር?
- ለበዳ ብኸመይ ክትቆጽዮ ይክኣል?
- ስለምንታይ'ዩ ንዓባይካ ምብጻሕ ዘይግባእ?
- ካብ ኮሮና ዘድሕን ፈውሲታት ኣሎዶ?
- ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዚወሃቡ ሓበሬታታት ኣበይ ይረክቡ?

---

## ብዛዕባ'ቶም ወሃብቲ ሓበሬታ ጥዕና

ንሳቶም፡ ንሓደስቲ መጻእተኛታት ሓበሬታ ጥዕና ብምሃብ ናይ 10 ዓመታት ተሞኩሮ ዘሎዎም ኰይኖም፥ ብዛዕባ ጥዕናን ናይ ህይወት ልምዲታትን ብቛንቋኦም ወይ ብቀሊል ብቛንቋ-ሽወደን ሓበሬታ ዚህቡ እዮም። ንሳቶም ንገዛእ ርእሶም ካብ ወጻኢ ዝመጹ፥ ናይ ሓለዋ-ጥዕናን ክንክን-ሕማማን ወይ ብናይ ሕብረተሰብ-ጥዕና ሳይንስ ትምህርቲ ዝሰልጠኑ'ዮም።

ዕላማ ናይዚ ቴሌፍን ኣገልግሎት'ዚ፥ ነቲ ጽዕነት ስራሕ ናይ “1177 Vårdguiden” ንምቅላልን ከም መመላእታ ናቱ ኰይኑ ድማ፥ ነቶም ኣገደስቲ ናይ ወጻእተኛታት ጉጅለ ሓበሬታ ንኽብጽሓሎም ተባሂሉ'ዩ። እዚ ኣገልግሎት'ዚ ብምትሕብባር ናይ “SLSO:s telefonsupport” ከምኡ ውን ሓላፊ ምምሕዳር ሓለዋ-ጥዕናን ክንክን-ሕማምን ዝተዳለወ እዩ።

1177 VÅRDGUIDEN | Region Stockholm